# ሓበራዊ ዘተ

# ቛንቛ ዓረብ ኣብ ኤርትራ



**<u>ፍረህይወት ዳኒኤል</u>**

ምልከት ብዙሕ ቛንቛታት ዝዓጠቀ ዜጋ ምውናን፡ ብብዙሕ ሸነኻት ዓቢ ጸጋ ንሃገርን ሕብረተሰብን'ዩ። ብፍላይ ድማ ኣብ ኣብያተ ጽሕፈት ዝሰርሑ ኣባላት፡ ሕብረተሰቦም ኮነ ከባቢኦም ዘዘውትሮ ቛንቛታት መሊኾም ንቡዙሕ ተገልጋሊ ስሉጥ ኣገልጉሎት ክህቡ ዘክእል ሰልጠና ቛንቛ ምውዳብ እዋናውን ዓቢ ኣተኩሮ ክወሃቦ ዝግባእን እዩ። ኣብዚ ዳርጋ መባእታዊ ምልከት ቛንቛ ዓረብ ተጠላቢ ኮይኑሉ ዘሎ ህሞት፡ ኣብ ሃገርና ኤርትራ ንፈለማ እዋን ንብዙሕ ኩርናዕ ጠመተ ጌሩ ዝተነድፈ ሃገራዊ መምሃሪ ካሊክለም ቛንቛ ዓረብ በማኢት ዝቁጸሩ ሰልጠንቲ ከፍሪ ምኽኣሉ ዓብን ዘሐጉስን ስራሕ እዩ።

ኣብ መንፈቕ ዓመተ 2020 ብመሪሕ ተበግሶ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተማሃሮን ኤርትራ (ሃማመተኤ) ምስ መሻርከቱ ሃገራውያን ማሕበራት፡ ማለት ሃገራዊ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራን (ሃማደኤ) ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራን (ሃኮሰኤ) ብምኻን ብሰለስተ ደረጃታት ነዋርሕ ብቛንቛ ዓረብ ከሰልጥኖም ዝጸንሐ 92 ኣባላት ሰራሕተኛታት መንግስቲ ብ4 ነሓሰ ኣመሪቑ ዝብል ሓበሬታ ብመራኸቢ ቡዙሓን ሃገርና ምግላጹ ዝዝከር እዩ። ኣቀዲሙ ብዝተፈላለየ ኣካላት ክወሃብ ዝጸንሐ ትምህርቲ ቛንቛ ዓረብ ሓደ ዝተማእከለ ኣገባብ ዘይሓዘ እዩ ነይሩ። እዚ ኣብ ዝፈረዩ ዝነበሩ ተማሃሮ ዝፈጥሮ ዝነበረ ጸገማት ቀሊል ኣይነበረን። ነዚ ጸገም ንምፍታሕ ንልዕሊ ሓሙሽተ ወርሒ ዝወሰደ መስርሕ ምድላው ስርዓተ ትምህርቲ፡ ኣዝዩ ጽዑቕ፡ ንቡዙሓት ኣካላት ዘሳተፈ ብዝተወደሃሃደን ዝተወደበን ኣገባብ ዝተወደአ ኢዩ ነይሩ። ኣብ ሕዳር 2020 ብክልተ ክፍሊ እዚ ሎሚ ብርክት ዝበሉ ተማሃሮ ኣፍርዩ ዘሎ ስርዓተ ትምህርቲ "ሀ" ኢሉ ተጀሚሩ።

ስልጠና ቛንቛ ኪንዮ ኣብ ክፍሊ ኮፍ ኢልካ ትወስዶ፡ ብቀጻሊ ብርክት ዝበለ ልምምድ ተካይደሉ ሓበራዊ መኣዲ ምፍጣር ኣመና ሓጋዚ እዩ። ነዝን ካልእ ተማሃሮ ድሕሪ ምረቓ ተኣኪቦም ዓቕሞምን ክእለቶምን ዝለዋወጥሉ፡ ቀጻሊ ዕቤት ምልከት ቛንቛ ንክህልዎም ዘኽእል ዝተፈላልየ ንጥፈታት ዝእንገደሉ ባይታ ንምፍጣር ነዊሕ ክሕሰበሉ ጸኒሑ። ነዚ ዓቢ ሓሳብ ክውን ዝገብር፡ ብ1 ነሓሰ 2023 ከባቢ 300 ዝኣባላታ ክለብ "ተማሃሮ ቛንቛ ዓረብ" ብወግዒ ቆይማ ስርሓ ጀሚራ ከምዘላ ኣሕመድ ዑመር ሸኽ ኣብቲ ናይ መመረቕታ ስነ-ስርዓት ሓቢሩ ነይሩ። ክለብ ተማሃሮ ቛንቛ ዓረብ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሃማመተኤ ምስ ምትሕብባር ብርክት ዝበሉ መሻርከቲ ዓቢ ዕላማ ሒዛ ተበጊሳ፡ ድሮ ናብ ትግባረ ዝተወጠኑ መደባት ሰጊራ ትርከብ።

"ንቛንቛ ዓረብ፡ ኤርትራዊ ዓቕሚ ኪንዮ ዓረባዊ ዓለም ክመልኮ ይኽእል እዩ" ዝብል ሓሳብ'ዩ ዘለኒ፡ ብምባል ናይ ምምራሕ መደብ ስርሑ ዝጀመረ፡ ብዙሓት መጻሕፍቲ ቛንቛ ዓረብ ንሕትመት ኣብቂዑ ዘሎ ፍሉጥ ደራሲ፡ ገጣሚ ከሙኡ ውን ዓቢ ጋዜጠኛ፡ ዳይረክተር ቤት ትምህርቲ ቛንቛ ዓረብ ኣሕመድ ዑመር ሸኽ፡ ብምኽንያት ምጅማር ንጥፈታት ክለብ ተማሃሮ ቛንቛ ዓረብ ፡ ኣብ ኣዳራሽ ዳዕሮ ብዶክተር ሳልሕ ማሕሙድ "ቛንቛ ዓረብ ኣብ ኤርትራ" ብዝብል ኣርእስቲ ንጥፈታቱ ከሰላስል ምጅማሩ ዮውሃና! ብምባል መደብ ንምጅማር ዝኸረ ሰማዕታት ንምክያድ ኩሉ ከካብ ዝነበሮ ሓፍ ክብል ጸዊዑ።

ኣብቲ ኣባላት ክለብ ተማሃሮ ቛንቛ ዓረብ፡ ተማሃሮ ቛንቛ ዓረብን ዑዱማት ኣጋይሽን ዝተሳተፉዎ ሰሚናር፡ ዶክተር ሳልሕ ማሕሙድ፡ መግዛእቲ ጥልያን ንመጀመርያ ግዜ ንቛንቛ ዓረብ፡ ኣብ ኤርትራ ናይ ፖለቲካ መሳርሒ ክጥቀመሉ ከሎ፡ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ተኸተልቲ ምስልምና ብቛንቛ ዓረብ ንሰዓብቲ እምነት ክርስትና ድማ ብቛንቛ ትግርኛ ይወሃብ ነይሩ። በዚ ነቲ ኣብ መሬት ኤርትራ ንዘበናት ዝጸንሐ ስልጡን መረዳእታ ንድሕሪት እንክመልስ፡ ቛንቛ ኪንዮ መረዳድኢ ሃይማኖታዊ ካባ ኣልቢስዎ። መግዛእቲ እንግሊዝ፡ ነቲ ፈላሊኻ ግዛእ ዝብል ኣዝዩ ሓደገኛ ናይ ነዊሕ ዝጠመተ መግዛእታዊ ፖሊሲኡ፡ ግዝኣት ጥልያን ንዝጀመሮ "ጥንሰ ሓሳብ ቛንቛን ሃይማኖትን" ብምቕጻል ንሕብረተሰብ ኤርትራ'ውን ብርቱዕ ሃፈጽታ'ዩ ለብሊብዎ። ክልቲኡ ዓበይቲ እምነታት ናብ መሬት ኤርትራ ቐድሚ ምእታዉ፡ ቛንቛ ዓረብ ዝዝረበሉ ህሞት ምንባሩ ዘዘኻኸረ ዶክተር ሳልሕ፡ ስዒቡ ብኢትዮጲያዊ መግዛእቲ ዝተደረዐ ሓድነት ኤርትራውያን ንምብታን ዝተዘዘርአ፡ ቛንቛ ሙርኩስ ዝገበረ ዓሌታውን ሃይማኖታውን ኣፈላላይ፡ ኣብ ፈለማ እዋናት ሰውራ'ውን ብልጭ ይብል ምንባሩ ብኣብነት ኣሰንዩ ንተጋባእቲ ኣረዲኡ።

"'ዓሻ ዝተከሎ ለባም ነይነቕሎ' ብዝብል ናይ ወለድና ምስላ፡ ድሕሪ ናይ ነዊሕ ናይ መግዛእቲ ዘበናት፡ ቛንቛ ዓረብ ኪንዮ ናይ ተናጸል ሃይማኖት ውክልና ከም ማንም ንመረዳድኢ ዘገልግል ቛንቛ ምኻኑ ዝተረደአ ሕብረተሰብ ክትውንን ከቢድን ብዙሕ ስራሕ ዝሓትትን ጉዕዞ እዩ ነይሩ።" ክብል ወሲኹ ገሊጹ። ቀጺሉ፡ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ዝተከተሎ ንብዙሕነት ቛንቛ ዘተባብዕ ፖሊሲ፡ ኣብ ፈለማ ካብ 1ይ- 5ይ ክፍሊ ንዝመሃሩ ተማሃሮ ትምህርቲ ቛንቛ ዓረብ

ግድነታዊ ክኸውን ተሓቢሩ። ብምቅጻል ንዕቤት ተጠቃምነት'ዚ ቛንቛ ንምዕባይ ዝሕግዝ ክሳብ 5ይ ክፍሊ ዝነበረ ናብ 12 ክፍሊ ክድይብ ከም ግዱድ ዓውደ ትምህርቲ ክኸውን ኪኢሉ። እንተኾነ ብሰንኪ ብርክት ዝበለ ሕጽረታት ከሙኡ'ውን ሃገር ትሓልፎ ዝነበረት ዉሁብ ኩነታት እቲ ብደረጃ ፖሊሲ ዝወጸ መመርሒ ሙሉእ ብሙሉእ ግብራውነት ክለብስ ኣይከኣለን። ኣብዚ እዋን ኣብ ማሕበራዊ ምትእክካብ ብርክት ዝበለ መለሳ ላህጃ ቛንቛ ዓረብ (ሱዳኒ፡ ዒራቅ፡ ሰሪያ፡ ፖለስቲን፡. . .ወዘተ) ይዝረብ። ምእኩል ቛንቋ ዓረብ (standard Arabic) ድማ ኣብ ዉሑድ ቀለም ቀመስ ክፉል ሕብረተሰብ፡ ኣብ መራኸቢ ቡዙሓንን ኣብያተ ጽሕፈትን ዝተሓጽረ ይመስል።

ኣብ መወዳእታ ዶክተር ሳልሕ ማሕሙድ፡ ኣብ ማሕበራዊ ኣጠቃቅማ ናይዚ ቛንቛ ብዙሕ ዝተካየደ መጽናዕቲ ዘይምህላዉ ሓቢሩ። እታ እንኮ ዝተካየደት መጽናዕቲ ኣብ 1976 ብኮፐር ከሙኡ'ውን ካርቬንተር ዝበሃሉ ስነፍልጠተኛታት ኣብ ከባቢ ከረን ዝተካየደ ክኸውን ከሎ፡ ብዙሕ ዝተረፈ ዘይተዳህሰሰ ሸነካት ምህላዉ ጠቂሱ።

ተሳተፍቲ ነቲ ሓበራዊ ዓውደ ዘተ ከምኡ'ውን ነቲ ብዲን ኮለጅ ምድላው መማህራን ዶክተር ዮናስ፡ ዶክተር ሳልሕ ማሕሙድ ከሙኡ ውን ዶክተር ሳልሕ ካብ ዒራቕ ዝካየድ ዘሎ መጽናዕቲ ናይ ቛንቛ ዓረብ ኣብ ኤርትራ ኣገዳሲ ዝኸውን ሓሳባት ኣቕሪቦም።

"ኣብ ኤርትራ ብዛዕባ ቛንቛ ዓረብ ዘተኮረ መጽናዕታዊ ንጥፈታት ምብጋሱ ጽቡቕ ምጅማር ናይቲ ብዙሕ ተሪፉ ዘሎ ንጥፈት እዩ።" ብምባል ሓሳቡ ዝፈለመ ዲን ኮለጅ ምድላው መማህራን ኣስመራ ዶክተር ዮናስ መስፍን፡ ንነዊሕ እዋናት ኣብ ብርክት ዝበለ ሕብረ ቡዙሓዊ ቛንቛ ዝዝርበሩ ከባቢታት ሃገርና፡ ኣብ ዕዳጋ፡ ህዝቢ ኩሉ ናይቲ ከባቢ ሓድሕድ ቛንቛታቱ እናሓዋወሰ፡ ብዘይ ዝኾነ ጸገም እዩ ዝረዳዳእ። እዚ ንቛንቛ ፖለቲካዊ መሳርሒ ዝገብር መግዛእታዊ እዋናን፡ ብሸፉን ሃይማኖት ንቛንቛ ሙርኩስ ዝገበረ ህዝቢ ዝፈሊ ኣገባብ ኣመሃህራ ኣዝዩ ሓደገኛ፡ ሓድነት ህዝቢ ዝፈታተን ምንባሩ ኣዘኻኺሩ።

ቃስም ኣሕመድ ኑር

ልዕሊ 12 ሚልዮን ቃላት ዝውንን ቛንቛ፡ 13 ላህጃታት ዝውንን ኣብ ዓለማዊ መድረኻት'ውን ንዝዝረበሉ ቛንቛ ዓረብ፡ ኣብ ኤርትራ ዝድህስስ መጽናዕታዊ ተበግሶ ብምጅማሩ ኣዝዩ ከምዘሐጎሶ ድሕሪ ምግላጽ፡ "ኤርትራ ምስቲ ትውንኖ ጀኦግራፊካዊ ኣቐማምጣ ከምኡ'ውን ናይ ታሪኽ ክስተታት፡ ቅድሚ እዘን ሎሚ ናተን ላህጃ ከጸውዓ ክኢለን ዘለዋ ሃገራት፡ ኣብ መሬት ኤርትራ ቛንቛ ዓረብ ይዝረብ ካብ ነበረ፡ እዚ ሎሚ ኣብ ሃገርና ዝዝረብ ዘሎ ዓረብ "ኤርትራዊ ላህጃ" ኢልና ክንጽውዖ ኣየክእለናን ዲዩ፧" ዝብል ንዝያዳ መጽናዕቲ ዘኣንፍት ሕቶ ኣቕሪቡ።

ሰለሙን ጸሃየ

ኣብ ሃገርና ቛንቛ ዓረብን ትግርኛን ምሳርሒ ቋንቋታት ክንሱ ከምቲ ዝድለ ሰፊሑ ኩሉ ሰብ ከዘውትሮ ኣይከኣለን ዘሎ። እዚ ዝነበረ ብድሆታት፡ ሕጽረታት ብጉቡእ ተጸኒዑ፡ ብኸመይ ናብቲ ዝድለ ደረጃ ክብጻሕ ይከኣል ክስርሑሉ አዘካኽር።”

እሙና ሳልሕ

“ክሳብ ሕጂ እዚ ቛንቛ ምስ ሃይማኖት ዘተኣሳስር ኣተሓሳስባ ፈጺሙ ኣይጠፈአን ዘሎ። ነዚ ድሩቱነት ካብ ዝያዳ ዕቤትን ክእለትን ኣብ ቛንቛ ዓረብ ዘጉድል ርዲኢት፡ ሙሉእ ንሙሉእ ካብ ሱሩ ንምብታኽ መንግስቲ ነቲ ኣቀዲሙ ዝሓንጸጾ “ንቡዙሕነት ኣብ ቛንቛ” ዘደንፍዕ ፖሊሲ ግብራውነት ክለብስ ኣለዎ። ብፍላይ ቖልዑ ካብ መባእታ ጀሚሮም ልክዕ ከም ቋንቋ እንግሊሽ፡ ዓረብ ክመሃሩ ኣለዎም።”

ኣብ ውሽጢ ዓመትን ፈረቓን ሓደ ተማሃራይ ናይ ምንባብ፡ ምጽሓፍ፡ ምዝራብ ከሙኡ’ውን ምሰምዕ ክእለት ወኒኑ ከምዝምረቐ ዝገብር ቤት ትምህርቲ ቛንቛ ዓረብ፡ ብምትሕብባር መሻርክቲ ትካላት ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት፡ ስልጠናታት ክውድብ ጸኒሑ እዩ። ከም ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ካብ ዝሓለፈ ዓመታት ኣትሒዙ ናይ ገዛእ ርእሱ ምዕራፍ ንምክፋት ባይታ ኣጣጢሑ ኣሎ። ኣብ ቤት ማእሰርትን ተሃድሶን ሰንበል’ውን ተኾነ ብሓገዝን ደገፍን ናይዛ ቤት ትምህርቲ ቛንቛ ዓረብ ስልጠና ተዋሂቡ’ዩ። እዛ ቤት ትምህርቲ ኪንዮ ኣብ ከተማ ኣስመራ ኣብ ኩለን ዞባታት ዝርገሐ ክህልዋ ናይ ብዙሕ ሰብ ሪኢቶ እናኮነ ይመጽእ ምህላዉ ዝገለጸ ኣቶ ኣሕመድ ዑመር ሸኽ ፡ እዚ ዓቢ ዕላማ ክውን ንምግባር ልዑል ኣበርክቶ ኩሉ ኣካል ከምዘድሊ ሓቢሩ። ብፍላይ ሚኒስትሪታት፡ ሃገራውያን ማሕበራት፡ ኮንፍደረሽናት፡ ፈደረሽናትን ካልኦትን ነዚ ብሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ተወሲዱ ዘላ ተበግሶ ክጽንበረኦ ጸዊዑ። ቤት ትምህርቲ ቛንቛ ዓረብ ዛጊት ኣብ ሓሙሽተ ዙርያታት 313 ተማሃሮ ንመመረቕታ ኣብቂዓ ምህላዋ ሰነዳት’ታ ቤት ትምህርቲ ይገልጽ።

*ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ*

[(eriyouth.org)](eriyouth.org)

September 2023